ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ. 19 | ሰንበት 22 መስከረም 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኤለክትሪክሲቲ ክሕዘና እንከሎ...

ገጽ 3
ሌላ - ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ኣዋጅ ቁ/95/1997

ገጽ 4
ሓምላይ ትርኢት - ግርማ መሬት


ገጽ 5
ዓበይቲ ሓደገኛታትን ድልድላት ዓለምና


ገጽ 7
ኣባሓኒ፡ ኣብ ኵዕሶ መርበብ ብኽልቲኡ ጾታ ጸብለል ኢላ


# ማእከል - ኣብ ምምእዛን ቈልዑን መንእሰያትን ብውህደት ክሰራሕ ይሕተት

ሕብረተሰብ፡ ቈልዑን መንእሰያትን ደቁ ብኽብረታት ክሰኩሉ ገበናት ክከላኸልን ጸጥታ ከባቢኡ ከውሕስን ብውህደት ክሰርሕ፡ ጸውዒት ቀረበ።

ኣብ ዞባ ማእከል - ኣዛዚት 4ይ መደበር ፖሊስ ካፕቴን ሰምበላዊት ረዳእ ብ17ን 18ን መስከረም ምስ ነበርቲ ንኡሳን ዞባታት ፓራዲዞን ማይተመናይን ኣብ ዘበረቶ ርክብ፡ ወለዲ ኣብ ምምእዛን ደቆምን ምውሓስ ሰላም ከባቢኦምን ምትሕብባሮም ከዕዝዙ፣ ገበናት ንምክልኻልን ገበነኛታት ንምቕላዕን ድማ ሸለልትነት ኣወጊዶም ሓላፍነታዊ እጃሞም ክበርክቱ ተላብዩ።





ህዝቢ ምንጪ ሓበሬታን ሓይልን ፖሊስ ምዃኑ ዝጠቐሰት ካፕቴን ሰምበላዊት፡ ሰድራ-ቤት ብሓፈሻ ኣዴታት ከኣ ብፍላይ፡ ካብ ገበን ነጻ ዝኾነ ወለዶ ንምምልማል ዓቢ ሓላፍነት ከምዝሰከማ ተገንዚበን፡ መሪሕ ተራ ክጻወታ ኣዘኻኺራ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ፓራዲዞ ወ/ሮ ስቶም ሰይድን ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ማይተመናይ ኣቶ ሰለሙን ሃይለን ብወገኖም፡ ነበርቲ ኣብ ምክትታል ደቆምን ምውሓስ ከባቢኦምን ብኣተኵሮ ክሰርሑ ኣተሓሳሰቡ።

እቲ ኣስተምህሮ ቀጺልኑት ክህልዎ ዘዘኻኸሩ ተሳተፍቲ ድማ፡ ገበን ፈጺሞም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንዘለዉ ዘውህብ መቕጻዕቲ ክሕይል፣ ንትሕቲ ዕድመ መስተ ዝሸጣ ትካላት ድማ ዕቱብ ምክትታልን ቍጽጽርን ክግበረለን ዝብልን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

# ዓንሰባ - ኣባላት ሃማደኤ ኣብ ጥዕና ዝተኰረ ስልጠናታት ቀሲመን

ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና ተወሃሂዱ፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ሓጋዝ፡ ዒላበርዕድን ሓመልማሎን ንዝርከባ ኣባላቱ፡ ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ፡ ዓሶን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስን ድማ ብፍላይ ዝተኰረ ስልጠና ወሃበ።

ኣብ'ቲ ብቐንዱ ኣብ ሜላታት ምክልኻል ዝተኰረ ስልጠና፡ ሓደሽ መልእኽትን ሞትን ናብ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራድ ዝዓለመ'ዩ።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ወ/ሮ ኣምና ሓሰን ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ውዳቤታት ማሕበር ብምሕያል፡ ብትምህርቲ ማዕርን ካልእ ኣገባባትን ንቕሓት ደቂኣንስትዮ ንምብራኽን ጥዕናአን ንምውሓስን ዝቖይድ ጻዕሪ ብዘለዓለ ከምዝደፋኣሉ ገለጻ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ምቍጽጻር መልእኽቲ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ተበጺሑ ዘሎ ዓወት ንምዕቃብን ኣብ መጺኢ መንእሰያት ዝኾነ ሕማም ከይቃልዑን ዝቖይድ ንቕሓት ክቐጽል ከምዝግባእ ኣስሚራትሉ።

ሰልጠንቲ ብወገነአን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ዝውደብ ስልጠናታት ቀጻሊ ክህልዎ፣ ከቢብያዊ ጽሬት ሸለል ደብዛል ስለዘሎ ቁላሕታ ክግበረሉ፣ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ወለንታዊ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ደቂተባዕትዮ ምስ ኣንስቶም ክመጹ ኣጕዳሲ ስለዝኾነ ክድግፍዎ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪበን።

# ኣስመራ - ኣብ ሓደ ትካል ዘጋጠመ ባርዕ ሓዊ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ኣትዩ





ኣብ ኣስመራ - ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ ኣብ ዝርከብ ትካል መሸጣ ናውቲ ህንጻ (ፌራሜንታ) ብ20 መስከረም ኣብ ሰዓታት ምሸት ዘጋጥመ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ ብምትሕብባር ኣሃዱ መጥፋእቲ ሓዊን ህዝብን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ኣትዩ።

በቲ ከባቢ ሰዓት 8 ምሸት ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ኣብ ህይወት ሰብ ዝሰዓበ ጉድኣት'ኳ እንተዘየለ፡ ኣብ ንብረት ግና ከቢድ ዕንወት ከምዘወረደ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሕግን ስርዓትን ዞባ ማእከል ኮሎኔል ተሰፋሚካኤል ተሰፋጺዮን ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኑቲ ባርዕ ንምቍጽጻር 7 መጥፋእቲ ሓዊ መካይን ንልዕሊ 3 ሰዓት ከምዝጠፍኡ ገሊጹ።

ጠንቂ ናይ'ቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ኣብ መርመራ'ኳ እንተሎ፡ ምስ ሓዊን ኤለክትሪክን ዝተተሓሓዘ ሸለልትነት ክኸውን ከምዝኽእል፡ ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል ሌተናል ኮሎኔል ግርማይ ጉብረሚካኤልን ኣዛዚ 2ይ መደበር ፖሊስ ተሰፋልደት ፍስሃየን ዝሎ ኣፈናዊ ግምት ብምጥቃስ ኣፍሊጦም።

ኣብ'ቲ ባርዕ ዘጋጠሞሉ ናይ ጅምላ ትካል፡ ንህንጻ ዘገልግል ጣዋሉ፡ መቃጠኒ ሕብርታት ፈሳሲ ኣካራጅን ኑዳድን፡ ዓበይቲ ቱቦታት ማይ ፕላስቲክ፡ መጨንገዒ ማይ ሞቶረታትን ጀነረተራትን ከምኡ'ውን ካልእ ንብረት ብምልኡ ከምእተሃመኸ፡ እቲ ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ኵርናዕ ተመሃሮ


ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኤለክትሪክሲቲ ክሕዝና እንክሎ...

ኤለክትሪክሲቲ ሒዙና ወይ ተዘዚዑ ኤለክትሪክሲቲ ጥዒምናዮዶ ንፈልጥ? ኤለክትሪክሲቲ ዝሕዞ ሰብ ተዘዚዑ ወይ ቃንዛ ይስመዮ። ዕድል ገይሩ፡ እቲ ጽልዋኡ ካብ ተዘዚዑ ዘይሓልፍ እንተ ኾይኑ፡ ብመገዲ ኣካሉ ዝፍጠር ዋሕዚ ስታቲክ ኤለክትሪክሲቲ (ዲስቻርጅ) ምስ ዝህሉ'ዩ። ኣብ ዕብይ ዝበለ ሃልኪ ዘሎዎ ሰርኩይት ዝተታሓዘ ምስ ዝኸውን ከኣ እቲ ተዘዚዑ ቃንዛ ዘሎዎ ይኸውን።

ኤለክትሪክሲቲ ዘምሓላልፍ ነገር ይውሓድ ይብዛሕ ንዋሕዚ ኤለክትሪክ (ካረንት) ይጻረር እዩ። እዚ ተጻራርነት ንሃኪ ጸዓት የሰዕብ። ዝበዝሐ ግዜ ኣብዚ ዝፍጠር ወይ ዝሃልኽ ጸዓት፡ ብመልክዕ ናይ ዋዒ ጸዓት ይርከብ። ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኣብ ቁርበትና ንዘርከብ ኣካላት (tissue) ክም ዝረስን ይገብር፣ እዚ ረስኒ እኹል እንተ ኾይኑ ኸኣ ንኣካላት የንድዶ ወይ ንቁርበት ይምሽልጦ። እዚ ምስ ሃልሃልታ ሓዊ ዘስዕቦ ምምሽላዋ ክመሳሰል ይኽእል። ብተወሳኺ ኤለክትሪክሲቲ ብትሕቲ ቁርበት ንዝርከቡ ኣካላትን ካልኦት ህዋሳትን ክንድዶም ይኽእል።


ዝዓበየ ጽልዋ ኤለክትሪክሲቲ ኣብ ስርዓት-ሓበሬታ ሰብ ዝኸትሎ ሳዕቤን እዩ። ስርዓት-ሓበሬታ (nervous system)፡ ካብ ዝተፈላለየ ክፋል ኣካልናን ሓንጎልን ካብን ናብን ንዝመላለስ ሓበሬታ ሓላፍነት ብዝወስዱ ወሃዮታት ዝቖመ ስርዓት እዩ። እዞም ነዚ ስርዓት ዘቖሙ ወሃዮታት "ነርቭ" ወይ "ኒዩሮንስ" ይበሃሉ። ኣካል ሰብ ንዝገብሮ ኹሉ ውሽጣውን ደጋውን መስርሓት፡ ብመገዲ'ዚ ስርዓት ኣቢሉ ብሓንጎል ይመሓደር። ክስተማቐር፡




ክንቀሳቐስ፡ ክሓስብ፡ ግብረ-መልሲ ክህብን ክዝክርን የኽእለና። ነዚ ዘተግብሩ ክም ሓንጎል፡ "ስፓይናል ኮርድ"ን "ሞተር"ን ዝኣመሰሉ ህዋሳት ኣለውና። "ኒዩሮንስ" ድማ ንሓድሕዶም ዝረዳድኡሉ ቋንቋ ኣሎዎም። ነቲ ኒዩሮንስ ዝረዳድኡሉ ቋንቋ ብቕልል ዝበለ ንምርዳእ፡ ኣሰራርሓ ሞባይል ክም ኣብነት ክውሰድ ይከኣል። ሞባይል ተለፎን ስልኪ (ገመድ) ኣልቦ ተለፎን)'ያ። እቲ ኣብ ኣየር ዘሎ ንዓኣ ዝኸውን ሓበሬታን ክምኡ'ውን ነቲ ንሳ ኣብ ውሽጣ እትሓዞ ሓበሬታን ዝተፈላለየ መልክዕ ኣሎዎ። ነቲ ኣብ ኣየር ዘሎ ናይ ሬድዮ ማዕበል ክትጥቀመሉ እንክላ፡ ናብ ኤለክትሪካዊ ሓበሬታ ትቕይሮ። ነቲ ካብኣ ዝወጽእ ሓበሬታ ኸኣ ካብ ኤለክትሪካዊ ሓበሬታ ናብ ናይ ሬድዮ ማዕበል ትቕይሮ። ነዚ ምልውዋጥ ዘተግብር ሓደ መሳርሒ ኣብ ውሽጣ ይርከብ፣ "ትራንስዱሰር" ይበሃል። "ትራንዱሰር" ሓደ ሓበሬታ ካብ ሓደ መልክዕ ናብ ኤለክትሪካዊ ሓበሬታ፡ ወይ ብግምጣሉ፡ ዝቕይር መሳርሒ እዩ። "ኒዩሮንስ" ከኣ ንሓድሕዶም ክራኸቡ እንክለው ክም "ትራንዱሰር" ኰይኖም ይዓዩ። "ኒዩሮን" ክም "ትራንዱሰር" ኰይኖም ኣብ ዝሰርሑሉ ግዜ ኣዝዩ ውሑድ ዓቐን ቮልቴጅ ወይ "ካረንት" ይፈጥሩ። ነዚ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዘንቓቕሑ "ኒዩሮ-ትራንስሚተር" ዝበሃል ሓደ ቀመም ኣሎ። ኒዩሮንስ ነቲ ዝመጽእ ሓበሬታ (ብመልክዕ ውሑድ ዓቐን ቮልቴጅ ዘሎዎ ዋሕዚ ኤለክትሪክሲቲ) ክም ገመድ ኤለክትሪክሲቲ ኰይኖም የሓላልፍዎ። ጽልዋ ክፈጥር ዝኽእል እኹል ዓቐን ዘሎዎ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ብደገ ናብ ኣካል ሰብ ምስ ዝኣቱ፡ ነቲ ብ"ኒዩሮንስ" ዝፍጠር ውሑድ ዓቐን ቮልቴጅ ይሓልፎ። ነቶም ብሃንደበትን ብወለንታን ንጭዋዳታት ዘንቀሳቕሱ ሓበሬታ (reflex and volitional signals) ብምዕጋት፡ በቲ ናቱ ዓቐን ወይ ሓበሬታ ክም ዘንቀሳቕሱ ክገብሮም ይኽእል። ኣዝዩ ዘይዳኣ ኤለክትሪክሲቲ ዝሓዞ ሰብ፡ ክሕዞ እንክሎ ዝገብሮ ምንቅስቓስ ከይተታሕዘ እንክሎ ክገብሮ ኣይክእልን።

ካብ ደገ ብዝመጽእ ኤለክትሪካዊ ሓበሬታ (ዋሕዚ) ዝተተንከፈ ጭዋዳ፡ እንተ ተጨቢጡ ናብ ንቡር ዘይክምለስ ይኽእል። ኤለክትሪክ ዝሓዞ ሰብ ምስ ካልእ ናቱ ጸዓት ዘሎዎ ኤለክትሪክ ዘምሓላልፍ ነገር ብኢዱ ምስ ዝራኸብ ዝኸፈአ ሳዕቤን ኣለዎ። ንኣጻብዕትና ክም ዝዝርጋሕን ዝጭበጥን ክገብሩ ዝኽእሉ ክልተ ጫዋዳታት ኣለዉ። እዞም ክልተ ጭዋዳታት ነናቶም ኣቋውማን ዓቕምን ኣሎዎም። እቶም ንምጭባጥ ኣጻብዕትና ዝሰርሑ ጭዋዳ ካብቶም ንምዝርጋሕ ዝሰርሑ ይምዕብሉ (ይጥንክሩ)። እቲ ብደገ ዝመጽእ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (ካረንት) ንኽልቲኦም ጭዋዳታት ምስ ዘንቓቕሖም፡ እቲ ናይ ምጭባጥ ስራሕ ዝዓምም ጭዋዳ ይስዕር። እተን ኣጻብዕቲ ኸኣ ዝተዓምኳ ክመስላ ይጭበጣ። ነቲ ኤለክትሪክሲቲ ዘሎዎ ገመድ ከኣ ዝያዳ ጨቢጠን ይሕዝኦ'ሞ፡ ነቲ ሸነኻት የጋድዶ። ነቲ ገመድ ኤለክትሪክ ክፍንዎ ድማ ኣሸጋሪ ይኸውን። እዚ ዘይወለንታዊ ምጭባጥ ጭዋዳ ብሕክምና "ተታኑስ" ይበሃል። ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ሓደጋ፡ ነቲ ክጨብጥ ዝገድዶ ዘሎ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክነቋርጾ እንተ ኽኢልና፡ ናይቲ ግዳይ ኢድ (ኣጻብዕቲ) ተጨቢጠን ካብ ምንባር ክነድሕነን ንኽእል ኢና። ሓደ-ሓደ ግዜ ነቲ ዋሕዚ ኤለክትሪክ እንተ ኣቋሪጽናዮ'ውን ኣጻብዕቲ ናይቲ ግዳይ ናብ ንቡር ክመለሳ ግዜ ክወስደለን ይኽእል። እቲ "ኒዩሮ-ትራንስሚተር" ዝበሃል - ነቲ ብኒዩሮንስ ዝፍጠር ኤለክትሪክሲቲ ዘንቓቕሕ ከሚካል - ናብ ደጊሙ ክጽገነሉን ክወሃሃደሉን ዘይክእል ደረጃ እንተ በጺሑ፡ ዝተጨበጠ ኢድ ቀልጢፋ ክዝርጋሕ ኣሸጋሪ ይገብሮ። ካብኡ ዝዛይድ ደረጃ ዘሎዎ ኤለክትሪክሲቲ እንተ ኾይኑ ኸኣ ንውሑዳት ደቓይቕ ክልምሶ ይኽእል።

ደጋዊ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ናብ ኣካል ሰብ ክኣቱ እንከሎ፡ ነቶም ብቐረባ ዝረኽቦም ጭዋዳታት (skeletal muscles) ጥራይ ኣይኩኑን ዝጕድኡ። ንኸም ልቢን ሳንቡኡን ዝኣመሰላ ዝቑጻጸር ጭዋዳታት (diaphragm muscle) እውን ከረኽቦሉ ይኽእል'ዩ። ናብ ተታኑስ ክብጽሕ ዝኽእል ውሑድ ደረጃ ቮልቴጅ ዘሎዎ ደጋዊ ዋሕዚ ኤለክትሪክ፡ ነቲ ብኒዩሮን ዝፍጠር ኤለክትሪካዊ ሓበሬታ ዓጽዩ ንልቢ ብዘይ ግቡእ መገዲ ህርመታ ክልውጥ ይኽእል። ልቢ ብዘይ ግቡእ መገዲ ክትሃርም እንክላ፡ ናብ ኣካል ሰብ ዝበጽሕ ደም'ውን ብግቡእ ኣይጭንገዕን፡ ነተን ኣገደስቲ ህዋሳት ንቡር ደም ዘይክበጽሐን ይኽእል። ብርትዕ ዝበለ ደጋዊ ዋሕዚ ኤለክትሪክ እንተ ኾይኑ፡ ዝነ ህዋሳት ጨቢጡ ካብ ስራሕ ደው ክብለን ይኽእል። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ ሓካይም ብኽልተ ኣጻዳም ኤለክትሪክሲቲ ዘሎዎ መሳርሒ ኣብ ኣፍልቢ ሕሙም ክገብሩ ኣስተውዒልኩም ትኾኑ። ልቢ ደው ኣብ ዝበለቶ ሕሙም በዚ መሳርሒ ተጠቒሞም፡ ልቢ ናብ ንቡር ህርመታ ክመልሱዋ ይጽዕሩ። ናይዚ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ሳዕቤን ኤለክትሪክሲቲ'ውን ኣብ ሕክምና ተመሳሳሊ ክንክን ይካየደሉ።



ኤለክትሪክሲቲ እምበኣር ብኽልተ መልክዓት ክምንጩ ይኽእል፣ ብተቐያየርን ዘይተቐያየርን ዋሕዚ ኤለክትሪክ (Direct and Alternating Current)። እዞም ክልተ መልክዓት ኤለክትሪክሲቲ ዝተፈላለየ ሳዕቤን ኣሎዎም። ብተቐያየሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (AC) ክወርድ ዝኽእል ሓደጋ ወይ ሳዕቤን ኣብ ፍሪኳንሲ ይምርኰስ። ክልተ ደረጃታት ዘሎዎ ዓቐን ፍሪኳንሲ ኣሎ። እቲ ቀዳማይ፡ ትሑት ደረጃ ፍሪኳንሲ እዩ። እዚ ደረጃ፡ ኣብ ገዛና ንመብራህቲ፡ ንሞገንን ተለቪዥንን ወ.ዘ.ተ. ንጥቀመሉ፡ ካብ 50 ክሳብ 60 ሀርትዝ ሓደ ኣብነት ናይዚ እዩ። ካብዚ ደረጃ ፍሪኳንሲ ዝዓቢ ኸኣ ልዑል ደረጃ ፍሪኳንሲ ዘሎዎ ንብሎ። ኣብዞም ክልተ ደረጃታት ፍሪኳንሲ ዝርከብ ሳዕቤን ኤለክትሪክሲቲ ይፈላለ'ዩ። ብትሑት ደረጃ ፍሪኳንሲ ዘሎዎ፡ ኤለክትሪክሲቲ ዝተሓዘ ሰብ፡ ካብቲ ብልዑል ደረጃ ፍሪኳንሲ ዘሎዎ ኤለክትሪክሲቲ ዝተታሕዘ ካልእ ሰብ ዝያዳ ይጉዳእ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ትሑት ደረጃ ፍሪኳንሲ (50-60 ሀርትዝ) ዘሎዎ ኤለክትሪክሲቲ ዝያዳ ሓደገኛ እዩ።

ኵሉ ብባተሪ እንጥቀመሉ - ክም ላምፓዲና ዝኣመሰለ- ከኣ ብዘይ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (DC) ይሰርሕ። ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኵሉ ሳዕ ሓደ ዓቐን ኣሎዎ። ንኣብነት፡ +5V እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ሓንቲ መስመር ኵሉ ሳዕ ውሱን'ዩ። ተቐያያሪ እንተ ኾይኑ ግን ካብ +5 ክሳብ -5V ይቐያየር። ኣብ ተመሳሳሊ ደረጃ ቮልቴጅን ኣምፕርን በዞም ክልተ መልክዓት ዝተሓዘ ሰብ፡ ዝተፈላለየ ተመኩሮ ይህሉ። እቲ ብተቐያያሪ ዋሕዚ ዝሰርሕ መስመር ዝተሓዘ ሰብ፡ ካብ 3 ክሳብ 5 ዕጽፊ ዝያዳ ናይቲ ሓደ ሓደገኛ ይኸውን። ብዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዝተሓዘ ሰብ ዝበዝሕ ግዜ ዝሓሸ ናይ ምድሓን ዕድል ኣሎዎ። እዚ ዓይነት ምንጪ ኤለክትሪክሲቲ ዝበዝሐ እዋን ነቲ ዝሕዞ ሰብ ተዘዚዑ ጥራይ ይገብሮ። ካብቲ ኤለክትሪክ ክም ዝርሕቕ ድማ ይገብሮ። ብተወሳኺ፡ ክሳብ ጭዋዳታት ልቢ ዝበጽሕ ኤለክትሪክሲቲ ዝተታሕዘ ሰብ ኣብዞም ክልተ መልክዓት ዝተፈላለየ ዕድል ኣሎዎ። እቲ ብዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዝተሓዘ፡ ልቢ ቀልጢፋ ናብ ንቡር ህርመታ ክትምለስ ኣይሸገርን'ዩ። ሓካይም ናይ ልቢ መጥባሕቲ ክገብሩ እንክለዉ፡ ነቲ ብተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክፍጠር ዝኽእል ዘይንቡር ህርመት ልቢ፡ ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ እትህብ መሳርሒት (defibrillator) ብምጥቃም የዐኽሉዎ።

መም. ኮኾብ መሓረና

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ብመትከል ደው ትብለሉ እንተ ዘይብልካ፡ ብዝኾነ ወዳቒ ኢኻ።”

- Malcolm X

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጾ. 1284

# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ዓበይቲን ሓደገኛታትን ድልድላት ዓለምና

ኣብ ዓለምና ብዙሓት ካብን ናብን ዘሰጋግሩ ዓበይቲን ንኣሽቱን ድልድላት ኣለው። እዞም ድልድላት እዚኦቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለምና ኣብ ዝርከብ ሃገራት ዝተደኮኑ ኮይኖም፡ ብጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣኦም፡ ኣቃውማኦም፡ ስፍሓቶምን ዓቕሞምን ዝተፈላለዩ እዮም። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተደኮኑ ድልድላት ማእለያ የብሎምን። ድልድላት ዓለምና ካብቲ ንሓድሕዶም ዝፈላልየም ረቛሒታት እምበኣር - ደረጃ ዕበዮቶም፡ ሓደገኛነቶም፡ ጥንታውነቶምን ቅዲ ኣሰራርሓኦምን እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ድልድል ኣፅዑድ ዘለዎ ኮይኑ ክስራሕ እንከሎ፡ ገለ ሓደት ከኣ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ብዘይ ዝኾነ ደገፍ ዝሰርሑ ኣይተሳእኑን። ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ዓይነት ድልድላት ክትጥቀመሎም ከኣ ብሉሓትን ቁራጽነትን ወሲኺ ምኽኑ ይንገር። ብሓፈሻ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ዓበይቲን ሓደገኛታትን ተባሂሎም ኣብ ዝፍለጡ ድልድላት

**ንገለኦም ክንቐርበልኩም፦**

**ሮያል ጆርጅ**

እዚ ድልድል'ዚ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ - ክፍለ ሃገር ጆርጅያ ይርከብ። እዚ ብዕብዩቱ ዝጥቀስ ድልድል ኣብ ልዕሊ ሩባ ኣርካን ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ካብ ጸፍሒ እቲ ሩባ ናይ 955 ጫማ ብራኸ ዘለዎ እዩ። ብመሰረት ኣብቲ ከባቢ በጺሖም ካብ ዝተመልሱ ሰባት ዝተረኽበ ሓበሬታ፡ ዝ ድልድል ኣብ እትሳገረሉ እዋን ዝኾነ ሰብ ንታሕቲ ቅሊሕ ካብ ምባል ክቐጠብ ከምዘለዎ እዮም ዝመኽሩ። ንሱቶም ከምዚ ክብሉ ዘተሓሳስቡ ዘለዉ፡ ብቐመት'ቲ ድልድል ርእሰኻ ክዝረኻን ክሳብ ኑበሸካ ናብ ዘይትቈጻጸረሉ ደረጃ ክትበጽሕን ዝለዓለ ተኽእሎ ከምዘሎ ንምዝኽኻር እዮም።

**ማርንቡርክ**

ድልድል ማርንቡርክ ኣብ መንጎ ክልተ ዓበይቲ ኽቦታት ዝተሰርሐ ብምዃኑ፡ ብዙሕ ኣገልግሎት ካብ ዝህቡ ድልድላት ናይ ሃገረ ጀርመን ሓደ እዩ። ማርንቡርክ ኣብ 1840 ዓ.ም ዝተሰርሐ ድልድል እዩ። በዚ መሰረት፡ ሓደ ካብ'ቶም ብጥንታውነቶም ዝፍለጡ ዝዓበዩ ድልድላት ዓለምና እዩ። እዚ ብኽልተ ጸምዲ ተረርቲ ዓንዲ ዝቖመ ድልድል፡ ወሰኑን ቁጽሪ ተኣንገድቲ እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ ሓደ ግዜ ንብዙሓት መኻይን ኣገልግሎት ክህብ ኣይክእልን እዩ። ብፍላይ ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስ ዘለዎ ናይ እርጋን ጸገማት ከምቲ ዝድለ ኣገልግሎት ይህብ የለን። ብሰንኪ እርጋን ሓደጋ ከየስዕብ ስለ ዝፍራህ ድማ'ዩ ምስ'ቶም ዝዓበዩን ሓደገኛታትን


ቅርጹ ዘገጥሙ ሓደጋታት፡ ከለዉ



ተባሂሎም ዝጸውዑ ድልድላት ዓለምና ክስራዕ ክኢሉ ዘሎ።

**ስቶርስቨንደት**

ስቶርስቨንደት፡ ጥውይዋይ ሓዲደን ቀልቀለትን ዘጠቓለለ ድልድል ብምዃኑ፡ ብዜጋታት ኖርወይ ብዙሕ ዘይምረጽ ድንድል እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኣብቲ ሓባጥ ጎባጥ ዝመልኦ ትሕተ-





መሳሲ ኣውያት ንዝይብሉ ሞት ስለ ዝቃልዑ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ ሓደ ካብ'ቶም ሓደገኛታት ድልድል ተባሂሉ ክጥቀስ ዝኽኣለ። በዚ ድልድል'ዚ ሳሕቲ ተጓዒዞም ንዘተኸስተ ስምዒታት ዝገለጹ ወገናት ከምዚ ይብሉ፦ "ካብ ክትርእዮ ተዓሚትካ ክትወጾ ዝቐልል ኮይኑ ይረኣየካ። ካብ ምስ ሰባት ንበይንኻ ብሸቐታ ተዋሒጥካ ክትወጾ ኢኻ ትምነ። እንታይ ምኻኑ ኣይርደኣናን እዩ፡ እንተኾነ፡ እቲ ክትዛረቦ ዝሓስበካ ዘይተሳእ እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘይብረን ዘይሓሰብኮዮን ቃላት ተተደርዲሮም ክወጹ ጥራይ ኢኻ ተስተውዕል። ምናልባት ፍርሒ ኣዋርብንዩ ዝብሉ ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። እዚኦም ዓይነት ሰባት ግና፡ እቶም ናብዚ ከባቢ ፈጺሞም ተዛዊሮም ዘይፈልጡ ጥራይ እዮም ክኾኑ ዝኽእሉ።"

እዚ ድልድል'ዚ ኣብ 1989 ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ብቕዲ ኣሰራርሓኡ ምስ'ቶም ሓደገኛታት ድልድላት ዓለምና እዩ ዝሰርዕ።

## መልሲ ናይ'ቲ መምህር

ሓደ ተመሃራይ፡ ነቲ ሓንቲ ዓውደ-ትምህርቲ ጥራይ ከም ዝምህሮ ዝገለጸሉ ብሉጽ መምህሩ፡ ኣብ ገጽታ መጽሕፍቲ ሃሰው ኢሉ ካብ ዝረኸቦ ንትርጉም ጽጥቐ ዝምልከት ኣርእስቲ ተበጊሱ ከምዚ ክብል ሓተቶ፦ "መምህር፡ ሓደ ሰብ ኣብ መስርሕ ምንባር እቲ ኣገዳሲ ጭኢታ ዝብሎ ነገር ንኽህልዎ ብዙሕ ከም ዝጽዕር ኩልና ንፈልጥ ኢና። እንተኾነ፡ እቲ ኣገዳሲ ዝበሃል ነገር እንታይ ክኸውን ኣለዎ ትብል? ማለተይ ወሸጣዊዶ ደጋዊ ጽጥቐ? ኣናናይ ክህልዎ ተመሪጺ ኮይኑ ይስመዓካ?"

ሰቕ ኢሉ ክሰምዖ ዝጸንሐ መምህር፡ ቀልጢፍ ኢሉ መልሲ ክህብ ኣይመረጸን። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ ንሕቶ ናይ'ቲ ተመሃራይ ብሕቶ እዩ ክምልሰሉ ፈተነ። "መልሲ ቅድሚ ምሃበይ እስከ ተመላሰ ኣነ ክሓተካ። ሓንቲ ገዛ ክትገዝእ መደብ ኣውጺእካ ኣለኻ ንበል። እቲ ዘለካ ትሕዝቶ ገንዘብ'ውን ብልክዕ ንሓንቲ ጽብቕቲ ገዛ ዝገዝእ እኹል እዩ። እንተኾነ፡ ምችእቲ ገዛዶ ዘይምችእቲ፡ ምውቕቲዶ ዋላስ ብዙሕሲ ክትከት እትብል ዕና ገዛ ምመረጽካ? ክብል ተወከሶ።

እቲ ተመሃራይ ከኣ፡ "ካብዘን ኣብ ምርጫ ኣእቲኻየን ዘለኻ ገዛውቲ፡ ብልክዕ ነታ ደገኣ ጽብቕቲ ወሽጣ ድማ ምውቕቲ ገዛ ምሓረኹ" ክብል ብዘይ ኣጉፈርጊ መለሰ። ዝ ዝሰምዐ መምህር ሕቶታቱ በዚ ኣየብቀዐን። ነታ ካብቲ ተመሃራይ ዝመጸቶ ሕቶ ክምልስ ኣብ ከንዲ ዝፍትን፡ ክሳብ'ቲ ተመሃራይ ንሕቶኡ ባዕሉ መልሲ ዝረኽበሉ ሕቶታት ደርደረ።

"ጽቡቕ እምበኣር። ሓደ ከንቱን ዘይረብሕን ሰብ ገዛ ገዚኡ ንበል። እቲ ገዛ ብስትራተጂያዊ ኣደኳኽናኡ ዝ ሰብ ኣዝዩ እዩ ዘሐጉሶ። እንተኾነ፡ እዚ ሰብ'ዚ ክሳዕ እቲ ገዛ ካልእ ከየገዝኤ ዝኽእል ጸጋታት ምስ ዘይህልዎ፡ ካብዘን ንምርጫ ዘቕረብኩልካ ኣይይተን ምሓረኻ ትብል?"

"ብርግጽ ነታ ወሸጣ ጽብቕቲ ገዛ ምመረጽ ዝብል ርድኢት ኣሎኒ" ክብል ተመሃራይ መለሰ። ድሕሪ'ዚ፡ እቲ መምህር፡ "ከም ዝመሰለኒ ጽቡቕ ሓሳብ ኢኻ ኣቕሪብካ። እንተኾነ፡ ክጸዮ እዞም ምርጫታትካ ሓደ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሕርያኻ ፈጸምካ ዘይተረደኣካዮን ዘጥፋእካዮን ነገር ኣሎ። ንሱ ከኣ፡ ካብ ጽባቐን ምቹእነትን ኣናየም ቀዳምነት ከም እትህብ እዩ" በሎ። እቲ ተመሃራይ ሰቕ ኢሉ ክሓስብ ድሕሪ ምጽናሑ፡ "ስለዚ ኣብ ህላዌኻ ውሽጣዊን ደጋዊን ጽባቐ ኣገዳስነቶም ማዕረ ዝኸውን ብልክዕ ብሓደትት ምስ ዝሓብሩ እዮም። ኣብ ምንባር'ውን እንተኾነ ከምኡ ዕዙዝ ተራ ክህልዎም ዝኽእል ወህደት ናይ ክልተ ዘይራኸቡ ነገራት ክረጋገጽ ኣለዎ ኢኻ ትብል ዘለኻ?" ክብል ተገሪሙ ሓተተ።



"ክትብሎ ትኽእል ኢኻ" ዝበል መልሲ ጥራይ ዘቕረበ መምህር፡ ብኽምስታ፡ "ኣነ ዝበልኩ ዘለኹ ከኣ ሓደ ነገር ፍርቁ ክትውንኖ ከለኻ፡ ነቲ ዝተረፈካ ሃጓፍ ንምምላኡ ንምሉእነት እቲ ነገር ክትጽዕር ኢኻ እትግደድ። ኣብ ከምዚ ኩነት፡ ነቲ ዘይብልካ እምብር ነቲ ዘለካ ክትሰእኖ ፈጺሙ ክረኣየካ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ፍርቒ ኩሉ ግዜ ፍርቒ እምበር፡ እንታይነት ፍርቒ ብልክዕ ክርደኣካ ኣይክእልን እዩ። ፍርቒ ኣገዳስነቱ ዝረኣየካ፡ ዋላ ንዕኡ'ውን ክትሰእኖ ከለኻ እዩ። ስለዚ፡ ነቲ ዘለካ ርእኻ ምስኣን ከምዘሎ ፈሊጥካ ክትጥንቀቕ ይግባእ። ብዝወሰኸ፡ ነቲ ዘይብልካ ክትረኽብ ፈለማ ነቲ ዋንነትካ ህላወኡ ኣረጋግጽን ክብሪ ሃቦ" ክብል መለሰ። እቲ ተመሃራይ ከኣ፡ "ኣብ ህይወት ደጋዊን ወሽጣዊን ጽባቐ ኣገዳሲቲ'ኳ እንተኾኑ፡ ልዕሊ ኹሉ ግና በቲ ዘለካ እናኣመስገንካ ምንባር ይሓይሽ" ብምባል፡ ንሕቶኡ ውልቃዊ መደምደምታ ገበረ።

## ንልቦና

"ምፍታን ክሳብ ዘቋረጽካ፡ ፍጹም ክሳራይ ኣይኮንካን።" - **ማይክል ዴክታ**

"እቲ ዘይጋገ ሰብ፡ ዝኾነ ነገር ዘይፈተነ ጥራይ እዩ።" - **ኣልበርት ኣንስታይን**

"ትዛረብ እንተ ሃሊኻ፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ትፈልጦ ዝነበርካ ጥራይ ኢኻ ትደግሞ። ትሰምዕ እንተ ሃሊኻ ግን፡ ሓደሽ ነገር ክትመሃር ኢኻ።" - **ደላይ ላማ**

"ገረብ ክቖርጽ ናይ ሸሞንተ ሰዓታት ዕድል እንተ ዝወሃበ፡ ነቲ ሽውዓተ ሰዓታት ምሳረይ ኣብ ምብላሕ መሕለፍክዎ ነይረ።" - **ኣብርሃም ሊንከን**

"ዘይከኣል ነገር ክትጭብጥ እንተ ደሊኻ፡ ዘይሕሰብ ነገር ክትሓስብ ኣሎካ።" - **ስቴቨን ኣቲንከሰን**

"ተመኩሮ እቲ ዝተረረ ዓይነት መምህር እዩ። መጀመርታ ፈተና፡ ብድሕሪ'ዚ ከኣ ኣርእስቲ እዩ ዝህበካ።" - **ኦስካር ዋይልድ**

"ኣብ ናይ መጀመርታ ፈተናኻ ከይትወድቕ ኣይትፍራሕ፡ ምኽንያቱ፡ ሕሳብ (ቊጽሪ) ንባዕሉ ካብ ባዶ እዩ ዝጅምር።" - **ዓብዱል ከላም**

"ኣእምሮ ሓንሳብ እንተዓዚሩ፡ ኣዒንቲ ምህላወን ትርጉም የብሉን።" - **ዘይተፈልጠ**

**ቤተልሄም ስመረ ካብ ኣስመራ**

## ሕቶ ሰዶኩ

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | 2 | | | 8 | | 1 | 4 |
| | | 1 | 5 | 7 | | | 9 | |
| 9 | 5 | | | | | | | |
| | | | | | | | 6 | 1 |
| | 9 | | 6 | | 7 | | | 3 |
| 7 | 3 | | | | 4 | | 2 | |
| | | | | 8 | | 1 | | |
| 2 | 1 | | 7 | 6 | | | 5 | |
| | 6 | | 4 | | | 2 | | |

**ሰሎሞን ተኽለማርያም (ሩቹ)**


ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# ሃገረ ኤርትራ
# ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ጋብላዊ ቆፎ

## ምንጪ ዘላቒ ቀረብ መዓር





ጋብላዊ ቆፎ፡

- ኣብ ሓጺር እዋን ንኹሉ ህዝቢ ከዕግብ ዝኽእል መዓር ኣብ ምፍራይ ወሳኒ ተራ ዝጻወት ዓይነት ቆፎ'ዩ
- ኣብ ከባቢና ካብ ዝርከቡ ጥረ ነገራት ከም ዒባ፡ ምሩጽ ሓመድ፡ ሻምብቆ፡ ላኻ፡ ወዘተ ብቐሊሉ ይስራሕ
- ካብ ባህርያዊ ነገራት ዝተሰርሐ ብምዃኑ፡ ብኣናህብ ኣዝዩ ፍቱው ዓይነት ቆፎ እዩ
- ኣብ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ክሳተፍ ንዝደሊ ዝኾነ ሰብ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ዝደለዮ ብዝሒ ቆፎ ሰሪሑ፡ ዕስለ ከራብሕን ቀጻልነቱ ከውሕስን የኽእል
- ርቡሕ ምህርቲ መዓር ከተፍሪ የኽእል፡

ስለዚ፡ ኩሉ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ክነጥፍ ዝደሊ ሰብ፡ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ብምኻድ፡ ሓበሬታ ኣገባብ ኣሰራርሓ ናይዚ ቆፎ ክወስድ ይከኣል።

**ጋብላዊ ቆፎ ብምስራሕ፡ ኣብ ሓጺር እዋን፡ ምህርቲ መዓር ነውሕስ!**

**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ገላዕታ በለስ፡ ኣብ ምስራሕ ኣልባሳት ይውዕል

ኣብ ሃገረ ሜክሲኮ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ገላዕታ በለስ (ገልዲ) ተጠቒሞም መስርሒ ክዳን፡ ቦርሳ፡ ሳእንን ካልእን ክውዕል ዝኽእል ቈርበት-መሰል ንጥረ ነገር ከምዝሰርሑ ተሓቢሩ።

በለስ ንደርቂ ክጻወር ዝኽእል፡ ንኽበቅል ውሑድ ማይ ዝጠልብ፡ ዝኾነ ክንክንን ጸረ-ባልዕን ዘየድልዮ ዓይነት ተኽሊ እዩ። በለስ ብዙሒ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ክሕዝ ስለዝኽእል፡ ኣብ ምውሓድ ዓለማዊ ዋዒ ተራ ከምዘለዎ፡ ክኢላታት ስነ-ክሊማ ይገልጹ።

እዚም ተመራመርቲ፡ መጀመርያ ኑቲ ዝኣከቡዎ ገላዕታ በለስ ኣጽርዮምን ጸፊዖምን ኣብ ጸሓይ ኣንቂጾሞ። ብድሕሪኡ፡ ኑቲ ካብ ዝቐጸ ገላዕታ ዝረኸቡዎ ጽሕጊ ናብ ፈሳሲ ብምልዋጥ፡ ንዝተፈላለየ ዓይነት ክዳን፡ ሳእንን ቦርሳን መስርሒ ዘገልግል፡ ተረር፡ ተዓጻጻፊ፡ ተመጣጢ ነገር ክምስርሑ ከምዝኸኣሉ ገሊጾም። ካብ ነፍሲ-ወከፍ ሰለስተ ኪሎ-ግራም ገላዕታ በለስ ከኣ፡ ሓደ ትርብዒት ሜትሮ መስርሒ ኣልባሳት ከምዝፈሪ ሓቢሮም ኣለዉ።

ዝ. ንምስራሑ፡ ብርሃን ጸሓይን ባህርያዊ ሕብርን ጥራይ ስለዝድለ፡ ኣብ ብከላ ኣከባቢ ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከምዘይብሉ፡ ሰራሕቱ ይገልጹ። እዚ ሓዲሽ ዓይነት ንጥረ ነገር፡ ቀልጢፉ ክረስሕ ዘይክእልን ካብ ጥቓሚ ወጻኢ ምስ ዝኸውን ከኣ ቀልጢፉ ስለዝምሽምሽን ከም ኣማራጺ እቲ ካብ ቈርበት እንስሳታት ክስራሕ ዝጸንሐ ኣልባሳት ኮይኑ፡ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ከምዝዮሃቦ ሰራሕቱ ኣብ መውዳእታ ኣመልኪቶም።



## ሰሓቕ ኣብ ምፍዋስ ‘ሕማም ምድራቕ ዓይኒ’ ኣድማዕነት ከምዘለዎ ተገሊጹ

ኣብ ቻይና ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕታዊ ፈተነ፡ ሰሓቕ ኣብ ምምሕያሽ ምልክታት ሕማም ምድራቕ ዓይኒ (Dry eye disease) ኣድማዕነት ከምዘለዎ ተሓቢሩ።

ሕማም ምድራቕ ዓይኒ፡ ስሓን ምቕያሕን ምቑጣዕን ዝኣመሰሉ ምልክታት ዘለዎ ሕዱር ጸገም ዓይኒ እዩ። ኣብ ዓለም ልዕሊ 360 ሚልዮን ሰባት፡ በዚ ጸገም ዓይኒ ተጠቒዖም ይርከቡ።

ሰሓቕ ኣብ ምጉዳል ወጥሪ ኣእምሮ፡ ሕዱር ቃንዛ ከምኡ'ውን ኣብ ምብርታዕ ስርዓተ ተጻዋርነት ኣድማዕነት ከምዘለዎ ይግለጽ። ብዘይካዚ፡ ሰሓቕ ከም ሓደ ካብ ኣገባብት ፍወሳ ጸገም ኣእምሮ፡ ሕማም መንሽሮን ሕማም ሽኮርን ኮይኑ ከገልግል ከምዝኽእል ብክኢላታት ይሕበር።

እዚ መጽናዕቲ ኣብ ከባቢ 300 እዚ ጸገም ዓይኒ ዘለዎም ሰባት እዩ ተኻይዱ። ኣብ'ቲ ዝተረኽበ ወጽኢት ከኣ፡ እቶም ዝስሕቁ ዝበዙ ተሳተፍቲ፡ ልክዕ ከም'ቶም መድሃኒት ሕማም ምድራቕ ዓይኒ ኣብ ዓይኖም ዘንጥቡ ዝበዙ ተሳተፍቲ፡ እቲ ዝበርዩ ምልክታት ክመሓየሽ ከምዝኽእል ተሓቢሩ። ብተወሳኺ፡ እቶም ሰሓቕ ዘዘውትሩ ዝበዙ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ጥዕና ኣዒንቶምን ኣእምሮኦምን እወታዊ ለውጢ ከምዝተራእየ ተገሊጹ።



ኣካየድቲ እቲ መጽናዕቲ ኣብ መወዳእታ፡ ሰሓቕ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ገዛ ኮይንካ ክተካይዶም ዝክኣሉ ዋጋ ዘይክፈሎም፡ ብዙሕ ጥዕናዊ ረብሓ ዝርከቦም ኣገባብት ፍወሳ ሕማም ምድራቕ ዓይኒ ምዃኑ ብምንጻር፡ ሰባት ክዘውትርዎ መኺሮም።

## ቅራፍ ባናና፡ ልዑል ማዕድናዊ ትሕዝቶ ይርከቦ

ቅራፍ ባናና ኣንቈጻጻባን ጥሒንካን ዝርከብ ሓርጭ፡ ልዑል ማዕድናዊ ትሕዝቶ ከምዝርከቦ፡ ኣብ ሓደ ሓዲሽ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ተሓቢሩ።

ኣካየድቲ እቲ መጽናዕቲ፡ ቅራፍ ባናና ኣጽሪኻ ኣንቂጽካ ብምጥሓን ናብ ሓርጭ ክልወጥ ከምዝከኣል ሓቢሮም ኣለዉ። እዚ ብዘለዎ ጣዕሚ ካብ ፍርያት ስርናይ ዝበለጸ ኮይኑ ተረኺቡ ዘሎ ሓርጭ፡ ንኽብሉዕ ውሑስ ምዃኑ እዩ ብክኢላታት



መግቢ ዝግለጽ ዘሎ። ትሕዝቶ ጽሕጊ፡ ማግኒዚየምን ፖታሽየምን ከምዘለዎ ዝግለጽ ዘሎ ቅራፍ ባናና፡ ሕማም መንሽሮ ክከላኸል ዝኽእል ባእታ ጸረ-ምራተ ከምዝውንን ከኣ ተሓቢሩ ኣሎ።

ኣብ'ዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ በዚ ቅራፍ ዝተሰርሐ ብሽኮቲ ኣዝዩ ተረርን ሓመዳዊ ሕብርን ዘለዎ ከምዝኸውን ብምጥቃስ፡ ክትጥቀመሉ ከለኻ ምስ ካልእ ዓይነት ሓርጭ ሓዊስካ ምስንዳእ፡ ኑቲ ዝተሰንደወ መግቢ ዝያዳ ሽውሃት ከምዝኸፍት ተገሊጹ ኣሎ። ብዘይካዚ፡ ሓርጭ ቅራፍ ባናና፡ ባእታታት ጸረ-ምራተን ጸረ-ታህዋስያንን ስለዘውንን፡ ካብ'ዚ ሓርጭ ዝተሰርሐ ብሽኮቲ ነዊሕ ግዜ ከይተበላሸወ ክጸንሕ ከምዝኽእል ተሓቢሩ።

እዚ ንምስራሕ ዋዛ፡ ሕብስቲ፡ ፓስታ ክውዕል ዝኽእል ሓርጭ፡ ከም ባህርያዊ ሕብሪ ዝተፈላለዩ መግብታት ኮይኑ ከገልግል ከምዝኽእል እዩ ዝግለጽ ዘሎ። ኣብ 2016 ንቕራፍ ባናና ኣመልኪቱ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ሕብስቲ ንምስንካት ኣብ እተነበርዓሉ ግዜ፡ ካብ ጠቕላላ ሓርጭ ኑቲ 10 ሚእታዊት ብሓርጭ ቅራፍ ባናና ምስ ትትክኦ፡ ንትሕዝቶ እቲ ሕብስቲ ብፕሮቲን፡ ካርቦሃይድረይትን ስብሕን ከምዝህብትሞ ተፈሊጡ።

ካብ ጠቕላላ ክብደት ባናና እቲ 40 ሚእታዊት ቅራፍ እዩ። ነዚ ቅራፍ ናብ ሓርጭ ምልዋጥ ከኣ ብዘይካ'ቲ ንተመጊቡ ዝህቦ ማዕድናዊ ትሕዝቶ፡ ኣብ ምጉዳል ናይ መግቢ ጉሓፍ'ውን ኣድማዒ ምዃኑ፡ ኣካየድቲ እቲ መጽናዕቲ ይገልጹ።

## ኣብ ፍርያት መመላኽዒ ዝርከብ ባእታ፡ ግርዘውና የቀላጥፍ'ዩ ተባሂሉ

ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መጸባበቒ፡ ጨና፡ መጸራረዪ ፍርያትን ሳሙናን ዝርከብ ባእታ፡ ኣብ ምቅልጣፍ ግርዘውና ጽልዋ ከምዘለዎ ተሓቢሩ።

ካብ'ዚ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ጀሚሩ፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ቈልዑ ብፍላይ ከኣ ደቂ-ኣንስትዮ ቅልጡፍ ምልክታት ግርዘውና ከርእያ ከምዝጀመራ ይሕበር። ግርዘውና ዋላ'ኳ ብጁኑ ማሕበረ ቁጠባዊ ደረጃ፡ ኣመጋግባ፡ ዓሌትን ክረኣ፡ ኣብ ዘይግዚኡ ቀልጢፉ ክመጽእ ዝኽእል እንተኾነ፡ እዚ ኣብ መላእ ዓለም ብፍላይ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ዝተራእየ ግርዘውና ግን ብኻልእ ረቛሒ ከምዝሰዓበ እዮም ክኢላታት ዝተፈላለዩ ዓውዲ ክማጉቱ ጸኒሖም።

እዚም ኣመሪካውያን ተመራመርቲ ከኣ፡ ገለ ካብ'ቶም ኣብ መጸባበቒ፡ ጨና፡ መጸራረዩ ፍርያታትን ሳሙናን ዝርከቡ ከምኒ'ቲ ‘ሃይፖታለመስ’ ዝበሃል ክፋል ሓንጐል ዝርከቡ ምስ ንጥፈት ስርዓተ ፍርያምነት ዝተሓሓዙ መትናዊ ዋህዮታት ብምብርባር፡ ቅልጡፍ ግርዘውና ከምዝስዕቡ ኣረጋጊጾም። ኣብ'ቲ ኣብ ቤተ-ምርምር ዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ኣብ መጸባበቒን ጨናን ደቂ-ተባዕትዮን ዝርከብ ‘ሙስክ’ ዝበሃል ባእታ፡ ሓደ ካብ'ቶም ክሳብ ሕጂ ተለልዮም ዘለዉ ቅልጡፍ ግርዘውና ዘስዕቡ ባእታታት ምዃኑ ተገሊጹ ኣሎ።

ኣብ መላእ ዓለም ተጠቃሚኡ እናገዘ ዝመጽእ ዘሎ መጸባበቒ ፍርያት፡ ኣብ ቈልዑ ቅልጡፍ ግርዘውና ብምስዓብ፡ ምስ ዓበዩ ብሕማም ሽኮር፡ ጸገም ልቢን መንሽሮ ጡብን ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ከምዝልዕሎ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ይሕብሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ እቶም ተመራመርቲ፡ ወለዲ ነዚ ዝተረኽበ መጽናዕታዊ ሓበሬታ ተገንዚቦም፡ ኣዋልድ ደቆም ኣብ ዘይዕድመአን



ዝተፈላለዩ መጸባበቒታት ካብ ምጥቃም ክኽልክልወን፡ ንመሕጸቢ ሰብነት ዝጥቀምሉ ሳሙና፡ መለሳለሲ ቈርበትን ሻምፑን ከኣ ጨና ዘይብሉ ክኾውን ተማሕጺኖም።

## ሻሂ ወይ ቡን ምስታይ፡ ንጥዕና ልቢ ጠቓሚ ምዃኑ ተሓቢሩ

ብቻይናውያንን ሽወደናውያንን ተመራመርቲ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ መዓልታዊ ቡን ወይ ሻሂ ምስታይ፡ ንጥዕና ልቢ ጸቡቕ ከምዝኾነ ተሓቢሩ።

እዚ ኣብ 300 ሽሕ ዝበጽሑ ወለንተኛታት ን11 ዓመታት ዝተሰላሰለ መጽናዕቲ፡ ትሕዝቶ ካፈይን ዘለዎም ዓይነታት መስተ ምስታይ፡ ምስ ምትሓት ተኽእሎ ምምዕባል



ዝተፈላለዩ ጸገማት ልቢ ማለት ወቕዒ፡ ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ሽኮርን ሕማም ልብን ከምዝተሓሓዝ እዩ ክፍለጥ ተኽኢሉ ዘሎ። መዓልታዊ ክሳብ ሰለስተ ኩባያ ቡን ወይ ከኣ ክሳብ ሓሙሽተ ኩባያ ሻሂ ዝሰትዩ ሰባት፡ በቶም ዝተጠቕሱ ጸገማት ልቢ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ፡ ብ40 ሚእታዊት ዝጎደለ ምዃኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም ኣለዉ። ዝተፈላለዩ ሕማማት ካብ ዘለዎም ሰባት፡ እቶም ምሉእ ጥዕና ዘለዎም፡ ካብ ሻሂን ቡንን ዝያዳ ጥዕናዊ ረብሓ ክረኽቡ ከምዝኽእሉ ድማ ወሲኾም ኣፍሊጦም።

ኣቐዲሙ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ቡን ምስታይ ምስ ምህላው ዝተመሓየሸ ጥዕና ልብን መትንን ከምዝተሓሓዝ እዩ ክሕበር ጸኒሑ። ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ መጽናዕቲ ከኣ፡ ቡን ወይ ሻሂ ዘይሰትዩ ሰባት፡ ካብ'ቶም ጠቕለልሎም ዘይሰትዩ፡ ዝሓሸ ጥዕና ልቢ ሰለስተ ኩባያ ቡን ምስታይ፡ ምስ ምትሓት ተኽእሎ ምምዕባል ሕማም ካልኣይ ዓይነት ሽኮርን ጸገም ልብን ከምዝተሓሓዝ ጠቒሶም ኣለዉ። ወሲኾም፡ ዕለታዊ ሓሙሽተ ኩባያ ሻሂ ምስታይ ከኣ፡ ሕማም ካልኣይ ዓይነት ሽኮር ናብ ጸገም ልብን ወቕዕን ከምዕብል ዘሎ ተኽእሎ ከምዝጉድሎ ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ዚ ኣርእስቲ ሰፊሕ ዝበለ መጽናዕቲ ምክያድ ኣድላዪ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሶም ብሰንኪ ጥዕንኦም ካፈይን ክወስዱ ዘይብሎም ሰባት ግን ቡን ወይ ሻሂ ክሰትዩ ከምዘይብሎም ኣዘኻኺሮም።

**ተረኛ ፋርማሲ**
ፋርማሲ ካተድራል
ፋርማሲ ኣምፒር
ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ ኣቤቶ

**ዕለት**
22/09/24

**ጎደና**
ጎደና ድጎል 171-65 ከባቢ ኣልፈርማጆ ጥቓ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ
ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲኒማ ኣምፒር
መጨረሽታ ፈርማታ ኣውቶቡስ ዓዲ ኣቤቶ

**ቁ.ስልኪ**
127188
121480
07114040

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565